# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኣቦ መንበራት ሸሞንተ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለዎም ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ክሕልፎ ዝጸንሔን ዘሎን ሓሰረ መከራን ንሃገርና ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋን ብዕምቆት ተመያይጦም። በዚመሰረት እዚኦም ኣስማቶም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ተኸታታሊ ኣኼባታት ከካይዱ ድሕሪ ምጽናሕ ሎሚ 04 ግንቦት 2010 ኣብ ክሊ ሓደ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ስትራተጂን ሓበራዊ ወተሃደራዊ መሪሕነትን ወተሃደራዊ ዓቅሚታቶም ኣወሃሂዶም ክሰርሑ ናይ ሓባር ስምምዕ ከቲሞም።

ዝርዝር ከመይነት ኣፈጻጽማ ናይዚ ዕማማት እዚ ብዝምልከት ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ኣብ ፍጻሜ ክሰጋገር ብቀጥታ ንዝምልከቶም ወተሃደራዊ ኣካላት ኣድላይ መምርሒታት ተመሓላሊፉ።

**ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ዝበጽሑ ውድባት፡-**

1. ዲሞ/ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ
2. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
3. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
4. ህዝባዊ ዲሞክራሰያዊ ግንባር ኤርትራ
5. እስላማዊ ሰልፊ ኤርትራ ንፍትሕን ልምዓትን
6. ዲሞ/ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ
7. ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቃሰ ኤርትራ
8. ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ

4 ግንቦት 2010